


## ተነጽሎ ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ

ኤርትራ ነጻነታ ኣዊጃ ኣባል ኣህጉራዊ ሕብረተ ሰብ ካብ ትኸውን፡ ድሕሪኡ ዘሎ ግዜ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝተኸተሎ ፖሊሲ ዘቤታዊ ምሕደራ፡ መስርሕ ኣህጉራውን ዲፖሎማስያውን ዝድምናታት፡ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ህዝቢ ዓለም ዘይተጸበዮ ምንባሩ ዝዝከር እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ህዝቢ ዓለም ድሕሪ ጫካን ወታሃደራዊ ምሕደራ ደረግ ተሳዒሩ ምስ ወጸ ኣብ ኤርትራ ተመሳሳሊ ተርእዮ ዳግማይ ክጋሃድ'ዩ ዝብል ሚዛን ይኹን ትጽቢታት ፍጹም ኣይነበረን።

መዋእል ነጻነት ኤርትራ፡ ነቲ ተስፋይ ዘይነበሮ ብጸልማት መድረኻት ዝተሓለፈ ብጥሜትን ኵናትን ማእሰርትን ቅተለትን ኣመሓዳድራ ዝፍለጥን ስርዓት ደርግ ካብ ስልጣን ኣልጊሱ፡ ሓድሽ ስርዓትን ኣብ ኢትዮጵያ ዝተራእየሉ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምቅይያር ስልጣን ወለዶ ተራእዩ ተባሂሉ ዝዝረበሉ ዝነበረ፡ ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ብስልጣን ተሰርኒቑ ሕፍር ከይበለ ምስ መሳርሕቱ ከይተዛተየን ወፈራታት ጸለምን ክስታትን ከካይድ ኣብ ዝጀመረሉ ቀዳሞት ኣህጉራዊ ትካላት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ውድብ ሃገራት ዓረብ ነበሩ። ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ብብልሽውና ዝመሓደሩ ብትኳቦ ምዕራብ ሃገራት ዝናበሩ ክብል ጀሚሩ፡ ቀጺሉ ንውድብ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ሽግረን ዘይፈትሓስ ጸገምና ክፈትሓ ዘይክእላ ሃገራት እንዳበለ ሓደ ብሓደ ንመላእ ዓለም ከነኣእስን ከቋናጽብን ዝጀመረ መራሒ ጃንዳ ህግዲፍ ንኤርትራን ህዝብና ኣብ ቅድሚ ዓለም ንዘለዎ ዝምድናታት ዘየቀራርብን ዘየርብሕን ገይሩ ክሰርዖን ክሃንጾን ጀመረ።

ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ብፍላይ ድሕሪ ኵናት ባድመ 12 ግንቦት 1998፡ ቀጺሉ ተርኽቦ መስከረም 2001 እንታይነቱ እንዳተገለጸን እንዳተነጸረን መጸ። ገገለ ተሞክሮ ፖለቲካን ኣካይዳ ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ዝፈለጡ ከም'ዚ ዝስዕብ ይብሉ ” ምልካዊ ስርዓት ካብ'ቲ ደመብ ተቃውሞ ዘጋልጾ፡ብጌጋታቱ ዝያዳ ባዕሉ ከም ዝጋለጽ ”ይበዝሕ ክብል ዘቅረቦ መብርሂ፡ ተግባራት ምልካዊ ስርዓት ንቁልቁል ዝኣፉ ብስፍሓቱን ብዕብየቱን እንዳፈጸሞም ዝመጸ ብደላትን ግፍዕን ጭቆናን ልክዕ ብልክዕ ዝገልጾ'ዩ።

ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ ፡ ኡጋንዳ ካብ’ተን ተስፋ ዝተነበረለን ሃገራት ምንባረ ዝተጠቅሰ፡ ኣብ ህዝበን ዘሎ ማሕበራዊ ፍትሒ ቀጻልነት ዘለዎ ዕብየት ምርግጋእ ሰላምን ጸጥታ፡ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታትን ኣብ ኤርትራ በቲ ዝኸፍአ መልክዑ ዝግለጽ ዝነበረን ዘሎን’ዩ። ኣብ ዓሙቕ ፖለቲካዊ ትንታነታት’ኳ ከይከድና፡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ዝዕቆብለን ሃገራት ጥራሕ ዘይኮነስ ንነዊሕ ዓመታት ዝቕመጡለን ሃገራት ኢትዮጵያን ኡጋንዳ ምስክርነት ህላውንት ምልኪ ኣብ ኤርትራ’ዩ። ብካልእ መዳይ ኣብ ኢትዮጵያ ይኹን ኣብ ኡጋንዳ ቤት ፍርድታት፡ እሱራት ብስድራ ቤቶም ምብጻሕ ዝፍቀደሎም፡ ብውሑዱ ብዓውታ ክዝረበሉ ዝኽእል ኩነታት ኣብ ኤርትራ ዘይምህላውን ምልኪ ዝነገሰላ ሃገር ምዃና ዘመልክት’ዩ።

ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዕጽፊ ሓገዛት ካብ መንግስታት ኣሜሪካ ይኹን ኤውሮጳ ካብ ኢ.ዱ ዘርጠብጠብ እንዳበለ ዝቅበሎ ሓገዝ እንዳጋሓጠ፡ ደገፍቲ ስርዓት ማሕበረ ኮም 2% ብኣስገዳድ ዝኸፍልዎ ማእለያ ዘይብሉ ዶላራት ኣብ ሕሳብ ከይኣተወ፡ ኣንጻር ኩሉ ሃገራት ወግሐ ጸብሐ ዝካየድ ምንእኣስን ጸለመን ሓደ ሸነኽ፡ ሰብኣዊ ክብርን መሰልን ንክሕሎ፡ እሱራት ኣይተጋገዩን ከይብሃል ኣብ ነጻ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ጉዳዮም ክረአ፡ ብሕጊ ዝጣበቅሎም ሞያውያን ጠበቓታት ክፍቀደሎም፡ ነጻ ፕረስ ብመሰረት ኣውጅ ስርሓቱ ክቅጽል፡ ገደብ ዘለዎ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝብሉ ሕቶታት ምልካዊ ስርዓት ክምልሶም ዘይምኽኣሉ እንዳኣንቀልቀለ ዝከደ ሓርፋፍ ዝምድናታትን ተነጽሎታትን፡ ኣብ’ቲ ዝጸንሐ ዘይምዕሩይ ምሕደራ ኣብ ልዕሊ ተማሃሮ ኣስመራ ዩኒቨርሲትይ 11 ነሓሰ 2001 ኣብ ዊዓ፡ ቅትለት እሱራት ዓዲ ኣበይቶ 9 ጥቅምቲ 2004፡ ቃል መሓተት ምስ ኣልጀዚራ 23 ግንቦት 2008 ዝቀረበ መልስታት፡ 4 ሕዳር 2013 ቅዝፈት መንእሰያት ማእከላይ ባሕሪ ካብ’ቲ ብዙሕ እከይ ተግባራት ብውሑዱ ንዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛኡን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዘይዕረፍቲ ተነጽሎ ዝፈጠረሉን ትንታነ ዘየድልዮ ተርኽቦታት ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ብሕልፊ ከኣ እቲ ምስ መደብ ቲቪ ኣልጀዚራ ዝተገብረ ቃል መሕተት መራሒ ጃንዳ ህግደፍ ንጋዜጠኛ ዲሞክራሲያዊ ስርዓታት ዝበሃል የልቦን ኣብ ኤርትራ ምናልባሽ ድሕሪ 40 ዓመታት ክብል ኣሸካዕላል መልሲ መዕዘቢ ኮይንዎ እዩ። ኬንያ፡ ግብጺ፡ ኢትዮጵያ ዝኣመሰላ ሃገራት እንዳጠቀሰ ንዘካይድኦ ዲሞክራሲያዊ ህንጻት፡ ምርጫ ዕግርግርን ባእስን ምብትታን ዘይሓላፍነታዊ እዩ ዝበለሉ እዋን ውሑድ ኣይኮነን።

ህግደፍ ሰላም እንዳበለ ህዝቢ ዘጽንትን፡ ዘጥፍእን ኣብ ማእሰርቲ ዘሕቅቕን ዝርግሐ ስለያውን ጸጥታው መርበባቱ ኣፍሪቃዊት ሰሜን ኮርያ ተባሂላ ክትጽዋዕ ዝጀመረትሉ ግዜ ሓጺር እዋን ዘይምኳኑ ተነጽሎ ምልካዊ ስርዓት ሚዛናዊ ገምጋም ታሪኻዊ መስመር ኣብ ፖለቲካ ኣብ’ዚ ዝተሰረተ እዩ። ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ይኹን ብኣንጻሩ ምዕራባውያን

ሃገራት ምስ ኤርትራ ዝምድናታት ወፍሪ ክሓታ እንከለዋ መንግስታዊ ይኹን ዘይመንግስታዊ ትካል መበገሲኡ ቅዋም ሃገሩ'ዩ። ምእንቲ'ዚ ከኣ ኣውፈርቲ ርእሰማል ይኹኑ ዲፕሎማስውያን ቅድሚ ኩሉ ዘገድሶም ብህዝቢ ዝተደገፈ ቅዋም ምህላውን ዘይምህላውን'ዩ። እዚ ጉዳይ ቅዋም ብዘይካ ንህግዲፍ ንማን ኤርትራዊ ዜጋ ይኹን ዲፕሎማስያዊ ዘገድስ ሕቶ ዘይምኳኑ ዝጸንሐ ንዓለም ዘገረመ ተገላቢጦሽ ኣተሓሳስባ ሓድሽ ፍልስፍና ህግዲፍ ምንባሩ'ዩ። ኤርትራ ኣብ 30 ዓመት ኾናት ዝነበረት ሃገር ይውሓድ ይብዛሕ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ሓገዝ እግሪ ከም ዘይትተክል ፍሉጥን ርዱእን'ዩ፡ ይኹን'ምበር ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ሻንጥኡ መጠን ዘይብሉ ገንዘብ እንዳቋጻረ፡ ብኣፉ ንሰዓብቱ ዘመሓላልፎ ክስን ጸለመን መንግስታትን ዘይመንግስታውያን ትካላትን ከይኣክል፡ ዘናብሮ መሰሊዎ ዝሓዘ ምስ ሓዘ ንስልጣኑ ኣሚኑ ትካላት ረዲኤት ካብ ኤርትራ ምስጓጉ ሓደ ካብ'ቲ ባዕሉ ዝፈሓሮ ዓቕሚ ጉድጓድ ተነጽሎ ዝነበረ'ዩ።

ድሕሪ ውድቀት መላኺ ወታሃደራዊ ስርዓት ደርግ ኣብ ኢትዮጵያ እንተ በቲ እንተ በዚ ኣብ ኢትዮጵያ 4 መራሕቲ መንግስቲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ዝተሸሙ ከም ታምራት ላይነ፡ መለስ ዜናዊ፡ ደሳለኝ ሃይለማርያም፡ ሕጂ ድማ ኣብዪ ኣሕመድ ኣብ ስልጣን ዝርከብ፡ ምስ'ቲ ኩሉ ክህሉ ዝክእል ጉድለታትን ጌጋታትን ንምዕራዩ ብሰላማዊ ኣገባብ ስልጣን ምትሕልላፍ ክብሪ ህዝብን ጸጋ ሃገርን'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ነዚ ክብርን ጸጋን ኣይረኸቦን። ኣብ ኢትዮጵያ ኣስታት 90/100 ሚሊዮን ዝነብሩላ ሃገር ህዝቢ ድኽነት፡ ስእነት ስራሕ፡ ሕማም፡ ፖለቲካዊ ፍልልያት ምህላዉ ዘይትጽበዮ ኣይኮነን፡ ምስ ኤርትራ ብምንጽጻር ኣስታት 5 ሚሊዮን ህዝቢ ዝርከባ ሃገር፡ ምስ'ቲ ኣብ መንግስቲ ዝነበሩ ይኹን ኣብ ስደትን ዝነበሩ መራሕታት ዘጋጠመ ሓደጋ ምግምጋም ኣብ ኣፈታትሓ ዓብይ ቀዳድ ዘለዎ ትሕዝቶ ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ዝወሰዶ ስጉምቲ ስቓይ ህዝብና ከናውሕ፡ ዝምድናታት ንተነጽሎ ዝምረሐ እዩ።

መራሒ ጃንዳ ህግዲፍ ኣብ ኢጋድ 1996 ኣባላነት ሓቲቱ፡ ድሕሪ ዶባዊ ኲናት ስሒቡ፡ ካብ ኢጋድ ጥራሕ ዘይኮነ ካብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣባልነት ስሒቡ ከብቅዕ፡ መራሕቲ ኣፍሪቃ ብብልሽውናን ካልእ ዝዘቅበቡ ኣብ'ዚ ክጥቀስ ዘይድለ... ባህሪ መራሕቲ ብምግላጽ ኣንጻር ኤርትራ ዝግበር ሽርሒ ኤርትራ ኣባል'ዚ ብልሽው ዝኾነ ውድብ ከም ዘይኮነት ብሰፊሑ ተዘሪብሉን ተጻሒፍሉን ተጎስጒስሉን'ዩ። ክሳብ እዚ ግዜ ከኣ ብሰፊሑ ንተደጋገፊቱን ሰዓብቱን በዚ ኣርእስቲ'ዚ ወፈራታት ይቕጽል ኣሎ። ዘምጽኦ ፍርያትን ለውጥን ግን የለን። እቲ ሓደ ዕላማ ንምዕዋት ዝካየድ ጻዕሪ እንተሃለወ ስልጣን ምልኪ ግዜ ንምንዋሕ'ዩ። ተነጽሎ ግን ኣይተረረፈን መሊሱ'ኳ ደኣ ገደደ፡ መራሒ ጃንዳ ህግዲፍ ዓዲ ውዒል ኮይኑ ብልኡኻቱ ዘሳልጦ ስርሓት ሃገር ብልሓቱ ምልካዊ ስርሓቱ ከይሕተትን

ከይጋለጽን ንዝገብሮ ፈተነታት'ዩ። ህዝቢ ኤርትራን ዓለምን ግን ንተግባራት ህግዲፍ ሕርሕራይ ጌሩ ዝፈልጦን ዘስተብሃለሉን መራሒ ጀንዳ ህግዲፍ ወፌሩ ኣይወፈረ ካብ ህዝቡ ዝተኸወለ ካብ ዲጋ ዓዲ ሃሎ ንዘመሓድሮ ዲፕሎማሲያዊ ስርሓት ዘነጽሮ ስእሊ ተነጽሎ'ዩ።

ዜናን ሓበሬታ

ሰዲህኤ